Tigrinya

# ናብ ዩናይትድ ኪንግደም እንቋዕ ብደሓን መጻእኩም

**እንቋዕ ብደሓን መጻእኩም ናብ ዩናይትድ ኪንግደም፤ መርሓ ቪድዮ ንሂወት ኣብ ዩናይትድ ክንግደም ንስደተኛታትን ሓተትቲ ዑቕባን ካልኦት ሓደስቲ መጻእትን።**

ናብ ሓድሽ ሃገር ምስ ኣተኻ ብዙሕ ብድሆታት የጋጥመካ እዩ ። ምስ ዘይትፈልጦ ስርዓታት፡ ሕግታት፡ ማሕበራዊ ስርዓታት፡ ትጽቢታት፡ መሰላት ከምኡውን ሓላፍነታት ቀልጢፍካ ክትላመድ ኣሎካ።

እዚ ሓበሬታ እዚ ን ዓኻትኩም ንምሕጋዝ ብስደተኛታትን ሓተቲ ዕቑባ ዝኾኑ ሰባትን ኢዩ ተኣኪቡ።

ነዞም ዝሰዕቡ ቪድዮታት ተመልከት
[www.nemp.org.uk/resources/](http://www.nemp.org.uk/resources/)
[Regional Refugee Forum North East YouTube Channel]()

ወላዲ ምኻን ኣብ ዓዲ-እንግሊዝ

ጥዕናኻ ምክንኻን

ሕግታትን ህይወትን ኣብ ዩናይትድ ኪንግደም

እዞም ቪድዮታት ኣካል ናይቲ ብናይ ሰሜን ምብራቕ ማይግሬሽን ሽርክና ዝዳለው ናይ ምቕባልን እንቋዕ ብደሓን መጻእኩምን ፕሮግራም ንስደተኛታትን ሓተትቲ ዑቕባን ኮይኖም ምስ ዞባዊ ናይ ስደተኛታት መድረኽ ናይ ሰሜን ምብራቕ ብምሽራኽ ተዳልዩ፡ ብኣባላቶም ካኣ ናብ ዝተፈላለየ ቋንቋታት ተተርጒሞም።
ንየማነ ረዳ ናብ ትግርኛ ስለ ዝተርጎመልና ነመስግኖ

RRF north east
REGIONAL REFUGEE FORUM
The Collective Voice Of The Region's Refugee Community

North East
Migration Partnership



# ወላዲ ምዃን ኣብ ዓዲ-እንግሊዝ

ወለዲ ናብ ሓዳስ ሃገር ምምጻእ ብዙሕ ብድሆታት እዩ ዜምጽኣሎም ። ምስ ዘይትፈልጦ ስርዓታት፡ ሕግታት፡ ማሕበራዊ ልምድታት፡ ትጽቢታት፡ መሰላትን ሓላፍነታትን ቀልጢፍካ ክትላመድ ኣሎካ። እዛ ቪድዮ እዚኣ ብዛዕባ ስርዓት ትምህርቲ ዩናይትድ ኪንግደም፡ ካብ ኣብያተ-ትምህርቲ እንታይ ክትጽበ ኸም እትኽእል ከምኡውን ኣብያተ-ትምህርቲ ንወለዲ እንታይ ኪገብሩ ክም ዚሓቶም ትገልጽ። ብዘይካ'ዚ ነቲ ናይ ዩናይትድ ኪንግደም ንቖልዑ ካብ ኣካላውን ስምዒታውን ጉድኣት ምክልኻል ዝምልከቱ ሕግታትን ትጽቢታትን ይገልጽ እዩ ። እዚ ከኣ ንደቅኻ ብኸመይ ከም እትቆጻጸሮምን እትግስጾምን ንክትግንዘብ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ ። እዚ ሓበሬታ በቶም ነዚ ብድሆ እዚ ዘሕለፉ ወለዲ እዩ ዚምረጽ ። ኣብ ዩናይትድ ኪንግደም ንፈለማ ግዜ ኣብ ዝመጽሉ እዋን እንተ እንፈልጦ ነይርና ብዝብልዎ እተመርኰሰ እዩ ። ንደቅኻ ንኽትድግፎምን ጸገማት ንኸተወግድን ኪሕግዘካ ተሰፋ ይገብሩ።

**ነዞም ዝሰዕቡ ቪድዮታት ተመልከት**
[https://youtu.be/tKRU1eU9tbE](https://youtu.be/tKRU1eU9tbE)
[www.nemp.org.uk/resources/](www.nemp.org.uk/resources/)

**ነዚ ሓበሬታ እዚ ጸሚቖም ዘቕርቡ ጽሑፋት ካብዞም ዝሰዕቡ ሊንክታት ከተራግፍን ክትሓትምን ትኽእል ኢኻ**
[www.nemp.org.uk/parenting-in-the-uk-leaflets/](www.nemp.org.uk/parenting-in-the-uk-leaflets/)
ከምኡ'ውን [www.nemp.org.uk/education-in-the-uk-leaflets/](www.nemp.org.uk/education-in-the-uk-leaflets/)

**ትሕዝቶ፡-**

- እተፈላለያ ትካላት ንቖልዑ ካብ ጉድኣት ኣብ ምክልኻል ዝህልወን ተራን ኣብ ምቍጽጻርን ጣልቃ ምእታው ዝህልወን ስልጣንን
- ውሉድካ ቕድሚ 5 ዓመት ምምልኡ ዝግበር ድጋፍ
- ትምህርቲ ንካብ 5 ክሳዕ 11 ዝዕድሚኦም፡ መባእታዊ ቤት ትምህርቲ
- ኣብ ቤት ትምህርቲ ብዛዕባ ምክፋል ዚገልጽ ሕጊ
- ትምህርቲ ንካብ 11 ክሳዕ 16 ዝዕድሚኦም ፡- ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ
- ትምህርትን ስልጠናን 16-18 ዓመት
- ትምህርቲ መቕደስ ሓዊስካ ድሕሪ 18 ዓመት ዝወሃብ ትምህርትን ስልጠናን
- ንውሉድካ ካብ ምድንዳንን ጽልእን ናይ ኢንተርነት መጥቃዕትታትን ምክልኻል
- ውሉድካ ነቲ ብዛዕባ ኣልኮላዊ መስተን ሓሽሽን ትምባኾን ጾታዊ ርክብን ዚገልጽ ሕግታት ኪሕሉ ብኸመይ ከም እትሕግዞ
- ምስ እንዳ ካልኣት ስድሪ ምድቃስን ግድን ክማልኡ ዘለዎም ነገራትን ተተሓሒዙ ዝመጽእ ትጽቢታትን ብኸመይ ከም እትቆጻጸሮ
- ኣብ ቤትን ኣብ ግዳምን ንዘለዉ ቖልዑ ምቍጽጻር
- ብዛዕባ ቖልዑን መካይንን ዚገልጽ ሕጊ
- ንቖልዑ ብኸመይ ከም እትግስጾም ዚገልጽ ሕጊ
- ኣካላዊ መቕጻዕቲ ንዘይጥቀሙ፡ ቖልዑ ዚቐጽዑሉ ኣማራጺ ዓይነት ተግሳጽ
- ኣብ መንጎ ወለዲ ዚወርድ ዓመጻ ወይ ማህሰይቲ ንውሉድ ብኸመይ ከም ዚጸልዎ
- ብዛዕባ ብልዕቲ ጓል ኣንስተይቲ ምኽንሻብ/ግዝረት ዚገልጽ ሕጊ
- ድምጺ እቲ ቖልዓ
- መሰላት ወለዲ




# ጥዕናኻ ምክንኻን

እዛ ቪድዮ እዚኣ ካብቲ ኣብ ዩናይትድ ኪንግደም ዚርከብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ጥዕና ብኸመይን መዓስን ክንክን ጥዕና ኸም እትረክብ ከምኡ'ውን ብዛዕባ ገዛእ ርእስኻ ምክንኻንን ጥዑይ ናብራን መምርሒ ትህብ።

**ነዞም ዝሰዕቡ ቪድዮታት ተመልከት**
[www.youtube.com/watch?v=Y39mqCB7YQQ](www.youtube.com/watch?v=Y39mqCB7YQQ)
[www.nemp.org.uk/resources/](www.nemp.org.uk/resources/)

**ነዚ ሓበሬታ እዚ ጸሚቑዘቕርብ ጽሑፍ ካብዚ ዝስዕብ ሊንክ ከተራግፍን ክትሓትምን ትኽእል ኢኻ**
[www.nemp.org.uk/looking-after-your-health-leaflets/](www.nemp.org.uk/looking-after-your-health-leaflets/)

**ትሕዝቶ፡-**

- ምስ ሓኪም ብኸመይ ከም እትምዝገብ ቈጸራ ብኸመይ ከም እትገብር ፡ተርጓሚ ብኸመይ ከም እትሓትት፡ ከምኡውን ብሓኪም ኣቢልካ ናብ ካልእ ክኢላታት ኣገልግሎት ጥዕና ብኸመይ ከም እትኣቱ
- ባዕለ-ምክንኻን፡ ኤን.ኢች. ኤስ. 111 መስመር ተሌፎን፡ ፋርማሰኛታት፡ ሓኪም ሓደጋን ኢመርጀንሲ ሰርቪ ቁጽሪ ተልፎን 999 መዓስን ብኸመይን ከመእትጥቀም
- ምስክር ወረቐት HC1ን HC2ን ብናጻ ኽንክን ጥዕና ኽትረክብ መሰል ከም ዘሎካ ዘርኢ ብኸመይ እዩ?
- መድሃኒት ብኸመይ ከም እትረክብን ትእዛዛት መድሃኒት ብኸመይ ከም እትርድኦን
- ጥዕና ቈልዑ
- ክንክን ዓይንን ክንክን ስኒን
- ናይ ጥዕና ምርመራፕሮግራማት
- መከላኸሊ ጥንሲን ጾታዊ ጥዕናን
- 'ሕጉስ ርእሲ' ምሓዝ (ብፍላይ ነቶም ዜሰምብድ ተመክሮታትን ዘየቋርጽ ጭንቀትን ዜጋጥሞም ሰባት ኣገዳሲ እዩ)
- ጥዑይ ናብራ - ኣመጋግባን ምውስዋስ ኣካላትን




# ሕግታትን ህይወትን ኣብ ዩናይትድ ኪንግደም

እዛ ቪድዮ እዚኣ ፖሊስ ኣብ ዩናይትድ ኪንግደም ብዛዕባ ዘለዎም ግደን ብዛዕባ እቲ ኣብ ማሕበረሰብ ዘሎ ህይወት ዚገልጽ ኣገዳሲ ሕግታትን ትጽቢታትን ትገልጽ። ኣብቲ ማሕበረሰብ ንኽትነብርን ቀልጢፍካ ንክትረጋጋእን ሓገዝን ምኽርን ክትሓትትን ኪሕግዘካ ተስፋ ንገብር።

**ነዞም ዝሰዕቡ ቪድዮታት ተመልከት**
[https://youtu.be/9v8qdzmfC10](https://youtu.be/9v8qdzmfC10)
[www.nemp.org.uk/resources/](http://www.nemp.org.uk/resources/)

**ነዚ ሓበሬታ እዚ ጸሚቑ ዘቕርብ ጽሑፍ ካብዚ ዝስዕብ ሊንክ ከተራግፍን ክትሓትምን ትኽእል ኢኻ**
[www.nemp.org.uk/laws-and-life-in-the-uk-leaflets/](http://www.nemp.org.uk/laws-and-life-in-the-uk-leaflets/)

**ትሕዝቶ፡-**

- ኣገልግሎት ፖሊስ ዘለዎ ግደ
- ስነ ምግባራዊ ስርዓታትን፡ ሓላፍነታትን፡ መሰላትን ናጽነትን
- ምስ ካልኦት ርክብ
- ኣብ ቤት
- ኣብ ስራሕ
- ማኪና ምምራሕ
- ኣልኮላዊ መስተን ትምባኾን ሓሽሽን
- ቍጥዐ እንተ ኣጋጢሙካ
- ፖሊስ ደው ኬብሉኻን ኪፍትሹኻን ከለዉ
- ብዛዕባ ጾታዊ ርክብ፡ ዘቤታዊ ዓመጽ፡ ግዝረት ደቂ ኣንስትዮ፡ ኣብ ክብሪ እተመርኰሰ ዓመጻን ኣገዲድካ ዚግበር መርዓን ዚገልጽ ሕግታት
- ንደቅኻ ምዕቋብን ምክንኻንን
- ብዛዕባ ፖሊስ ብኸመይ ከም እትጠርዕ
- ንፖሊስ ከምይ ገይርካ ብ ኢንተርነት፡ ብኣካል፡ ብተሌፎን ከምኡ'ውን ኣብ ግዜ ህጹጽ ኵነታትን ብኸመይ ከም እትራኸቦም